# ሐርነትን መሰልን ህዝቢ ምስ ተራጋገጸ፡«.

ሰላም ደቂ ኤረይ ደይቲ ሰናይ
ገለን ብማይ ገለን ሳኣን ማይ
ኣጀና ሰሰናዩ ጥራይ  ምምናይ,

ነገር ዘይጸገበ ኳል ዋጣ ይሕጸ
ሐርነትን መሰልን ህዝቢ ምስ ተራጋገጸ
ህዝቢ ኤርትራ ቆጽሊ ኣውዲቑ ምስ መረጸ«

ናብቲ ዝማዕበል ኣሳራራሐ ትሰግር እንበረ
ሕጂ ደኣ ኣቱም ደቂ ኤረ
ህዝቢ ብጭፍራ እንዳ ተሸበረ«

እቶም ብቑጽሮም ዉሑዳት ይመርሕዋ
ንኤርትራ ዋጋ ዘይከፈሉላ እንዳ ኣንብዕዋ
እዚኦም ከለዉ ዓዲ ጀጋኑ ኣበይ ክርህዋ፡«፥

እቶም ብሂወት ዝተረፍና
ካብ ኩሉ ተኾሊፍና
ብውዲት ዓድና ከሲርና
ን30 ዓመታት ደሚና
ክሳብ ሎሚ ሐርነት ሐሪሙና
ንሐርነት ከርተት ንብል ኣለና፡«፥

ክንዲ ንፍትሒ ንደሞክራሲ
ኢደይ ኢድካ ኢልና ንቃለስ
ስለምንታይ ንድሕሪት ንምለስ፡«፥

ዓሻ በጊዕ ምስ ተኹላ ዕርክነት
ቃልስና ንሐርነት ጸረ ባርነት
ብደምና ተራጋጊጺ ልእላውነት
ሕጂ እንታይ ኣምጽኦ ኣንድነት,

እንታይ እሞ
እዛ ዓለም ዚኣሞ
ንኣዳም፡ገረሞ፡«፥

ድጉል ዕላማ ሕጂስ በሪሁ
ኣብ እርጋኖም ኣስናኖም በሊሑ
ጥጁኡ ብውሽጥና ተደጕሉ ጸኒሑ,

ወዲ 80 ምስ ደለየ ጎርዞ
ኣንፊቱ ስሒቱ ቲ ጉዕዞ
ጉዳይና ባዕልና ንሐዞ«

ቅዋም ሐርነት ሐሪሙና ከሎ
መቓብር ሰማእታት የእዊሎ
ኤረና እንታይ ዩ ዝውረ ዘሎ
መንዩ ደላይ ፍትሒ ይበሃል ኣሎ
ኦ ኣምላኽ ረቢ ባዕልኻ ኣቕልሎ«

ካብ መግዛእቲ ኮይና ሐራ
ኢሰያስ ብውሽጢ ኤርትራ
ብደገ ኣንድነት ምስ ኣምሐራ
ትንፋስ ሰኹያም ዎዮም ጭፍራ«

ምስ ሐንጎሉ ዝጸመመ
መንዩ ክድዓት ዝደጋገመ
ዕርክነት ምስ ኢሰያስ ዝፈረመ«

ናይ ሕጊ ሙሁራት ክሐተኩም ዶ
እንታይዩ ርክብኩም ምስ ስግር ማዕዶ
ን57 ዓመት ዝፈሰሰ ደም ተረሲዑ ዶ
ተጋጊኹም ጋዶ ኤርትራዊያን ፈራዶ«

ብጭርሖ ተጋሩ ኣምሐሩ
ኤርትራውነት ሐሲሩ«

ኤርትራ ንኤርትራዊያን፡ እንዳ በልኩ ንሎሚ ብከምዚ ክዛዝሞ፡ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፡ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና፡ ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፡ በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን፡«፡